# ስርዓት ማሕበራዊ ድሕነት

ህይወት ሓደ ሓደ ግዜ ከቢድ ግዜ የምጽእ፣ ንኣብነት ብሰንኪ ሕማም፣ ሓደጋ፣ ወይ ስራሕ ኣልቦነት። ኣብ ስዊዘርላንድ፣ ማሕበራዊ ድሕነት ኣብ ከምዚ ኩነታት ንዝርከቡ ነበርቲ ይከላኸል። ሳላ ዝተፈላለዩ መደባት ማሕበራዊ መድሕን፣ ማሕበራዊ ድሕነት ክትነብሩሉ እትኽእሉ እኹል ገንዘብ ከም ዘለኩም የረጋግጽ። ንስድራቤታትን ኣረጋውያንን እውን ይድግፍ።

## ማሕበራዊ ድሕነት ብኸመይ ይሰርሕ?

ናይ ማሕበራዊ ድሕነት ገንዘብ ካበይ ይመጽእ?

ናይ ማሕበራዊ ድሕነት ገንዘብ ብሓፈሻ ካብ ዝሰርሑ ሰባትን ኣስራሕቶምን ዝመጽእ እዩ።

ካብ ደሞዝ ነፍሲ ወከፍ ሰራሕተኛ፣ ነቲ ናይ ማሕበራዊ ድሕነት ገንዘብ ንምምላእ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ይዕቀብ።

እቲ ካብ ጥዑያት ሰባት ዝመጽእ ገንዘብ ንሕሙማት ይኸፍል። እቲ ካብ ንኣሽቱ ሰራሕተኛታት ዝመጽእ ገንዘብ ንመድሕን እርጋን ናይቶም ኣረጋውያን ይኸፍል።

ብርክት ዝበሉ ነበርቲ ሓገዝ ንዝረኽቡ ንውሑድ ጉጅለ ሰባት ይኸፍሉ።

እዚ ድማ፦ መትከል ምትሕግጋዝ ይበሃል።

ማሕበራዊ መድሕን መብዛሕትኡ ግዜ ግዴታ እዩ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ፣ ናይቲ ሰራሕተኛ ማሕበራዊ መድሕን ንምኽፋል ካብ ደሞዝ ሓደ ክፋል ይዕቀብ።

ባዕሎም ዝሰርሑን ስራሕ ኣልቦን እውን ነቲ ግዴታዊ ክፋል ይኸፍሉ።

ማሕበራዊ መድሕን ኩሉ ብሕጊ ዝምራሕ እዩ።

## ዝተፈላለዩ ዓይነታት ደገፍ ማሕበራዊ መድሕን

ማሕበራዊ መድሕን ንሰባት ብዝተፈላለየ መንገዲ ይድግፍ፦

- ብዓመታዊ ክፍሊት፦ ገንዘብ ንዓመታት ወርሓዊ ይኽፈል። ንኣብነት፣ ናይ rente AVS (AVS ጡረታ) ወይ ድማ ናይ rente AI (AI ጡረታ)።
- ብመገዲ መዓልታዊ ኣበል፦ ንነፍሲ ወከፍ ዘይተሰርሐ መዓልቲ ገንዘብ ይኽፈል። ንኣብነት፣ ናይ ስራሕ ኣልቦነት መድሕን።ወከፍ ዘይተሰርሐ መዓልቲ ገንዘብ ይኽፈል። ንኣብነት፣ ናይ ስራሕ ኣልቦነት መድሕን።
- ተወሳኺ ጥቕምታት (PC እውን ይበሃል)፦ ኣብ ርእሲ እቶም ንኽነብሩ እኹል ገንዘብ ዘይብሎም ሰባት ገንዘብ ይኽፈል።

መድሕንታት ሕማም ወይ ሓደጋ ምስ ዘጋጥም ንኹሉ ወይ ንገለ ናይ ሕክምና ወጻኢታት ክፋል ይሸፍኑ።

## መዓስ እዩ ገንዘባዊ ሓገዝ ዝረክብ?

- ምስ ጡረታ (ካብ 65 ዓመት ዕድመ)፡- እዚ ናይ እርጋን ጡረታ እዩ (ምስ AVS፣ ካልኦትን)፣
- ሞት ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን፡- እቲ በዓል ገዛ ወይ በዓልቲ ቤት፣ ከምኡ'ውን ደቆም AVS ይወስዱ፣
- ስንክልና ኣብ ዘጋጥመሉ፡- ስንክልና እንተሃልዩኩምንን ድሕሪ ደጊም ክትሰርሕ እንተዘይክኢልኩምን ናይ ስንክልና መድሕን ጡረታ (AI) ትረኽቡ፣

ከምኡ'ውን ግን፡-

- ሕማም ወይ ሓደጋ ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን (ናይ ጥዕናን ሓደጋን መድሕን)፣ (FR)
- ኣብ እዋን ወሊድ (መድሕን ወሊድ)፣ (FR)
- ሽቕለት ኣልቦነት ኣብ ዝህልወሉ እዋን (መድሕን ስራሕ ኣልቦነት)፣ (FR)
- ቆልዑ ምስ ወለድኩም (ናይ ስድራቤት ኣበል)

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.bonjour-jura.ch/ti/securite-sociale/le-systeme-de-la-securite-sociale